# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.12 | ሰንበት 13 መስከረም 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ክሪስቶፈር ኮሎምበስ

ገጽ 4

ኣገዳስነት ዲጂታል ...

ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀን...


ገጽ 7
ምልከታ

## ኤርትራውያን ነበርቲ ሪያድን ከባቢኣን፡ ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ሪያድን ከባቢኣን - ስዑዲ ዓረብ፡ ዝኽሪ 50 ዓመት - ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፥ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ምዕራፍ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ ብ10 መስከረም ጸንቢሎም።

ኣብ'ቲ ናይ ዝኽሪ መደብ ቃል ዘስመዐት ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝግሄር፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ኣብ መስርሕ ብረታዊ ቃልስና፡ "ሱብ'ዩ ወሳኒ" ንዝብል ፍልስፍና ህዝባዊ ግንባር መሰረት ብምግባር ዝተመስረተት፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ጽንኩር እዋን ከይተረፈ ንትምህርቲ ቀዳምነት ተዋሂቡ ይስራሓሉ ከምዝነበረ እትምስክር ኣገዳሲት ታሪኻዊት ትካል ምዃና ኣብሪሃ።

ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ሪያድን ከባቢኣን ኣቶ ተስፋይ ተኽለ ብወገኑ፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ንናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር መስዋእቲ ዝኸፈሉ ብሉጻት ጀጋኑን መራሕትን ዝፈረየላ ከምዝነበረት ብምግላጽ፡ ንኹሎም ተመሃሮን ኣለይትን ነበር የሃናኡ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ፍሬ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝኾነት ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ካብ ኣስመራ ብማንዛ - ብዛዕባ ኩነታት ኣመሰራርታ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፥ ከምኡ'ውን ኣካይዳኣን ምዕባለታታን ቡብመድረኹ ንተሳተፍቲ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ፡ ከም'ቲ ዝኣተውዎ መብጽዓ ንህዝቦምን ሃገሮምን መሪሕ






ኮይኖም ክገልግሉ ተላብዮ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብዛዕባ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝተዳለወ 100 ታሪኻዊ ስእልታትን ሰነዳዊ ፊልምን ብዘጠቓልል ምርኢት፡ ከምኡ'ውን ተመሃሮ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራ ብዘቕረብዎ ደርፈታትን መዛሙርን ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበር ማዕሪጉ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ንዝተዓወተት ጋንታ ሽልማት ተዓዲሉ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ንምሕያል ዝዓለመ ርክብ ተኻየዱ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ንምሕያል ዝዓለመ ርኩብ፡ ብ10 መስከረም ኣብ ዓሰብ ተኻዩዱ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ኣቶ ዒሳ ኣሕመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር ኣብ ዕብየት ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ንጥፈታተንን ዘለዎ ኣሱተዋጽኦ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኩለን ትካላት ኣብ ማሕበር ተጠርኒፈን ዕላማታቱ ንምስማር ተሳትፎአን ከዕዝዛ ጸዊዑ።

ዝምድናታት ቱሪዝምን ማሕበርን ንምድንፋዕ ብወህደት ምስራሕ ከምዝድሊ ብምዝኽኻር ድማ፡ ኣብ ብቕዓት ትካላትን ዝቐርብኦ ኣገልግሎታትን ኣተኩሮ ክግበር ኣዘኻኺሩ።



ኣቦ-መንበር ጨንፈር ማሕበር ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ቢንያም ጠዓመ ብወገኑ፡ ኣብ ሰለስተ ንኡስ ዞባታት ንዝርከባ ኣስታት 190 ትካላት ወሃብቲ ኣብ ኣገዳስነት ማሕበር ዘለወን ንቕሓትን ኣፍልጦን ንምብራኽ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ክካየድ ምጽንሑን ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከምዝቕጽልን ገሊጹ።



ግዚያዊ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃነ ኪዳነ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጸፈተንን ብቕዓተንን ኩብ ንምባል ኣብ ዝካየድ ስራሕ፡ ምምሕዳር እጃሙ ከምዘበርክት ኣረጋጊጹ።

## ከረንን ኣስማጥን - ብሞያ ዝሰልጠና ደቂ ኣንስትዮ ተመረቓን

ኣብያተ-ጽሕፈት ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባታት ከረንን ኣስማጥን ብሞያ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ቅዲ ክዳንን ዘሰልጠነን 33 ደቂኣንስትዮ፡ ተመረቓን።

ሰልጠንቲ፡ ን33 ኣዋርሕ ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ዝሰልጠና 20 ደቂኣንስትዮ ንኡስ ዞባ ከረን፣ ከምኡ'ውን ንልዕሊ 6 ኣዋርሕ ብሞያ ቅዲ ክዳን ዝሰልጠና 13 ደቂኣንስትዮ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ'የን።

ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ ሞያዊ ስልጠና ንደቂኣንስትዮ ኣፍረይትን ጸለውትን ንምግባረን ሓጋዚ ስለዝኾነ ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን ብወገና፡ እቲ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ዓቕሚን ብቕዓትን ደቂኣንስትዮ ክቡ ንምባል ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምኦ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ከውዕልኦ ተላብዩ።

ኣብ ኣስማጥ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ስልጠና ድማ፡ እቲ ስልጠና ን7ይ ግዜ ዝተዋህበ ምዃኑ ዝሓበረት ሓላፊት ሃማደኤ ወ/ሮ መርየም መሓመድ-ዓሊ፡ ሰልጠንቲ ዘርኣይኦ ድሌትን ተገዳስነትን ኣብ ዓወት ናይ'ቲ ስልጠና ዓቢ ተራ ከምዝነበሮ ገሊጻ።

ወኪል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ መንእሰይ ኢብራሂም ማሕሙድ፡ ኣብ ደቂኣንስትዮ ዝግበር ወፍሪ ኣብ ሕብረተሰብ ዝግበር ወፍሪ ምዃኑ ብምሕባር፡ ነፍሰን ንክኽእላ ቀጻሊ ምክትታልን ምትብባዕን ከይፍለየን ተማሕጺኑ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ 2006 ብዝተኻየደ ስልጠናታት፡ ልዕሊ 140 ደቂኣንስትዮ ብሞያ ቅዲ ክዳን ከምዝሰልጠና፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የነጽር።

ዜና

# ኣፍዓበት፡ ኣብ ምጅማር ዓመተ-ትምህርቲ 2026/27 ዘተኰረ ርክብ ተኻዪዱ





ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጅብ፡ ኣብ ምጅማር ዓመት ትምህርቲ 2026/2027 ኣተኩሩ፡ ምስ ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርትን መምህራንን ርክብ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ብ10 መስከረም ዝተኻየደን 300 ተሳተፍቲ ዝሸበርዎን ዘተ፡ ሓለፍቲ ትምህርትን መምህራንን ኣብ ወቕቲ ምጅማር ትምህርቲ ዝርአ ምድንጓያት ብምውጋድ፡ ብኩሉንትንኦም ብቑዓት ተመሃሮ ንምፍራይ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ፡ ኣቶ ኣሕመድ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ሙሳ ኣደም ብወገኑ፡ ዘይተበጽሐ ቦታታት ንምብጻሕ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመተ-ትምህርቲ ብዕቱብ ከምዝስራሕ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፡ ዋሕዲ መምህራን፡ ከምኡ'ውን መምሃሪ ክፍልታትን መጽሓፍትን ቅልጡፍ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ምደባን ምቕያርን መምህራን ድማ ቅድሚ ምጅማር ትምህርቲ ክትግበር ተላብዮም።

ብኻልእ ወገኑ፡ ጨንፈር ውዳበ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ገምጋም ንጥፈታቱ ከምዘካየደ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢራ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ዓተከሌዛን፡ ብዘለዉ ተመሃሮ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ብ63 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፡ ብ10 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ተገሊጹ።

ሓላፊ ትካላት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሱራፌኤል ክፍለጊዮርጊስ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ ክትግበሩ ዝተወጠኑ መደባት ብግቡእ ከምእተዓሙ፣ መጠን ምሕላፍ ተመሃሮ ብሓፈሻ 81 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራዊ መርመራ ኣተባባዒ ውጽኢት ከምእተመዝገበ ኣብሪሁ።

# ሰንዓፈ - ንብሉጻት ተመሃሮ ሸልማት ደንደን ተዓዲሉ

ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ንዘመዝገቡ 44 ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ንኡስ ዞባታት ዓዲቐይሕን ሰንዓፈን፡ ሸልማት 'ደንደን' ተዓዲሉ።

ብ9 መስከረም ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ፕሮጀክትታት ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ደቡብ መንእሰይ ሕሩይ ተስፋዮውሃንስ፡ ኣብ ክልቲኦ ንኡስ ዞባታት ንሸልማት ካብ ዝበቕዑ እተን 15 ደቂኣንስትዮ ምዃነን ብምሕባር፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ምሽላምን ኣፍልጦ ምሃብን ሞራላዊ ግዴታ ከምዝኾነ ገሊጹ።



ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ መምህር ዑመርዲን መሓመድ ብወገኑ፡ እቲ ዕላማ - ንዕዉታት ብምትብባዕ ኣብ`ቶም ካልኦት ቅዱስ ቅንኢ ንምፍጣር ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ከም'ዚ ዝበለ መደብ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮን ብቕዓት ትምህርትን እውን እወታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸኸር ብወገኑ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ምትብባዕ ኣካል ናይ`ቲ ብቕዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምብራኽ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ኂ-ኂ`ቲ ንብሉጻት ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ኣብ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዕንቅፋት ዝፈጥሩ ሕጽረታት ንምቕላል ክሰርሑ ተማሕጺኑ።

ተሸለምቲ ብወገኖም፡ ብወለድን መምህራንን ንዝተገብረሎም ደገፍን ምትብባዕን ብምምስጋን፡ ረኺቦሞ ብዘለዉ ሸልማት ተተባቢዖም፡ ዝቕጽል ጉዕዞ ትምህርቶም ብዓወት ንምዝዛም ኣበርቲዖም ክሰርሑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ካብ 2014 ዛጊት ን1,467 ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ፡ ሸልማት ደንደን ከምእተዓደለ ይፍለጥ።

ኣብ`ቲ ኣጋጣሚ፡ ብሞያ ኤለትሪሲቲን ምውዳድ ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓትን ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝሰልጠኑ 60 መንእሰያት ከም እተመረቑ፡ ተሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጹ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ማይ-ምነ፡ ሰፊሕ ወፍሪ ክታበት እንስሳታት ተኻዪዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ ኣንጻር ሕማም ፍሮማይ ሰፊሕ ወፍሪ ክታበት ኩቡቲን ጤለ-በጊዕ ኣካዪዱ።

ቡቲ ብኸጻ ዝተኻየደ ወፍሪ፡ ልዕሊ 30 ሽሕ ጤለ-በጊዕን 21 ሽሕ ኩቡቲን ከምእተኸትባ ተሓቢሩ።

ሓካይም እንስሳ ኣቶ ተኽለ ፍስሃጼንን ኣቶ ዓንዶም ደሳለን ብወገኖም፡ ሳላ ዝተኻየደ ቅድመ-ምድላዋትን እናበረኸ ዝመጸ ንቕሓት ሓረስቶትን፡ እቲ ወፍሪ ዕዉት ምንባሩ ገሊጾም።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዓይነት ወፍሪ ኣብ ጥዕና ጥሪቶምን ዝህብኦ ምህርትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፡ ብስሩዕ ክካየድ ተማሕጺኖም።

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ክሪስቶፈር ኮሎምብስ



ወዲ ኣሎማይ ዝነበረ ክሪስቶፈር ኮሎምበስ፡ ጀኖዋ ኣብ ዝተባህለት ንእሽተይ ገጠር ናይ ጥልያን እዩ ተወሊዱ። ንሱ ኸኣ ካብ ህጻንነቱ ባሕረኛ ክኸውን እዩ ዝምነ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ቱርካውያን ንምብራቓዊ ክፋል ማእከላይ ባሕሪ ተቖጻጺሮሞ ስለ ዝነበሩ፡ እተን ኣብቲ ግዜ'ቲ ብባሕርን ንግድን ሓያላት ዝነበራ ስጳኛን ፖርቱጋልን ዓቕለን ጸበበን። ምስ ሃገረ ህንዲ ንግዲ ምክያድ ከኣ ሕልሚ ኮነ። ናብታ ዓዲ ወርቅን ቀመማትን ዝኾነት ህንዲ እሞ ብኸመይ እዩ ክኽየድ፧ ክሪስቶፈር ኮሎምበስ ግና ዚ. ሕቶ መልሲ ኣይሰኣነሉን። ናብ ምብራቕ ገጽካ ኣብ ክንዲ ምኻድ፡ ብምዕራብ ገርካ ንዓለም ዘይርካ ናብ ህንዲ ትኣቱ ንዝብል ሓሳቡ፡ ን15 ዓመታት ላግጸን ወርደትን ኣሰዓበሉ።

ኮሎምበስ ዳህሳስ ንምክያድ ንፖርቱጋል ክሪዱ መርከብን ገንዘብን ሓተተ። እንተ ኾነ ኣይሰለጦን። ድሕሪ'ዚ ናብ ስጳኛ ብምኻድ ካታ ሽዑ ኣብ ስልጣን ዝነበረት ንግስቲ ኢዛቤላ ሓተታ፡ ሰምዓቶ። ኣዋርቓ ኣትሒዛ ከኣ ሰለስተ ካራቨል እተባህላ መራኽብን ገንዘብን ሂባ መሪቓ ኣፋነወቶ።

ቅድሚ 500 ዓመታት ማለት ኣብ 3 ጥቅምቲ 1492 ኮሎምበስ ካብ ፓሎስ እተባህለት ወደብ ተላዒሉ ድሕሪ 69 መዓልቲ ኣብ ጥቓ ኪዩባ (ኮባ. ኣመሪካ) ዝርከብ ደሴታት በጽሐ። እቶም ምስኡ ዝነበሩ ባሕረኛታት ከኣ ዓለም ጸፊሕ ትመስሎም ስለ ዝነበረት፡ ኣብ ጫፍ በጺሖም ከይድንክሉ ብምፍራሕ፡ ንኮሎምበስ ዓቢ ጸገም ፈጠሮምሉ ነበሩ። ኮሎምበስ ናብ ስጳኛ ተመሊሱ ብኽብርን ብዓቢ ዓጀባን ክቕበልዎ ከለው፡ ንኣመሪካ ከም ዝዳህሰሰ ዘይተኻለ ንቱርካውያን ከይረኸቡኑ ንህንዲ እትበጽሓሉ መንገዲ ከም ዝረኸበ ጆግና ጥራይ ብምሕሳቡ ብኽብሪ ተቐበልዎ። ድሕሪ'ዚ ናብቲ ከም ምዕራብ ህንዲ መሰሉ ዝረኣዮ ዝነበረ ደሴታት ኣመሪካ፡ ሰለስተ ግዜ ተመላለሰ። እንተ ኾነ ብዙሓት ሰባት ኣንጻሩ ተላዕሉ። ገሊኦም ከም ናይ ፖርቱጋል ሰላዪ፡ ገሊኦም ንደቀባት ህንዲ ከም ዝጭቁን ኣምሲሎም ብምኽሳስ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝዳጎን ገበርዎ። ኮሎምበስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክመውት ከሎ፡ ንኣመሪካ ከም ዝረኸበ ኣይፈለጠን ነበረ። (ብናቱ ዘይምፍላጥ እቶም ብሄጋ ህንዳውያን ኢሉ ዝጸውዖም ደቀባት ኣመሪካ ከኣ ክሳብ ሎሚ ህንዳውያን ተባሂሎም ይጽውዑ ኣለው፡) ናይ መወዳእታ ለበዋኡ ከኣ፡ "ንመቓብረይ ምሳይ ቀብሩዎ፡" ዝብል ነበረ። መቓብሩ ከኣ ኣብ ስጳኛ ይርከብ።

## ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

1. ኲናት ኣንግሎ-ዛንዚባር ዝሓጸረ ኲናት ኣብ ዓለም ኮይኑ ተመዝጊቡ ዘሎ እዩ። እዚ ኣብ 27 ነሓሰ 1896 ዝተኻየደ ኲናት ን40 ደቓይቕ ጥራይ እዩ ተኻይዱ። በቲ ኲናት ሓደ ብሪጣንያዊ ሰብ ደማ ቆሲሉ። ኣብቲ ግዜ ንጉስ ዛንዚባር ዝነበረ ብመንሶሩቲ ብሪጣንያ ኢዱ ክህብ ተሓቲቱ ምስ ኣበየ እዩ ብሪጣናውያን ኣንጻሩ ዝቐንዐ ተኸሲ. ከፊቶም፡ እቲ ንጉስ ቀልጢፉ ኢዱ ስለ ዝሃበ ግና ኲናት ደው ክብል ክኢሉ።

2. መበል 16 ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ኣብርሃም ሊንከን ፍሉጥን ክኢላን ተዃሳጣይ ምንባሩ እዩ ዝንገረሉ፡ ንሱ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ 300 ግዜ ክዕወት ከሎ፡ ሓንቲ ግዜ ጥራይ እዩ ተሳዒሩ።

3. ንመራሒ ሕብረት ሶቭየት ጆሴፍ ስታሊን ወዱ ዝነበረ - ያኮቭ ደዙጋሽቪሊ ምስ ሓትንኡ ስለ ዝዓበየ ወዲ 14 ዓመት ክሳብ ዝኸውን ነቦኡ ኣይፈልጦን እዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ኲናት ኣብ ጎድኒ ሩሲያ ኮይኑ እናተዋግአ ከሎ ከኣ ብሰርዓት ናዚ ተማረኸ። ጀርመናውያን ግና ወዲ ስታሊን ምኳኑ ምስ ፈለጡ መልቀቒ ገንዘብ እዮም ሓቲቶም። ስታሊን ግና፡ "ምሳኹም ሓደ ወደይ ጥራይ ዘይኮነ ሚልዮናት ደቀይ እዮም ዘለው። ስለዚ ወይ ንኹላቶም ናጻ ሕደግዎም እንተ ዘይኮይኑ ግና ወደይ ዕጫ ኩላቶም ክበጽሖ እዩ" ብምባል ንጠለቦም ነጸጎ። ያኮቭ ሓደ መዓልቲ ካብ መጎዝጎዚ ግዱድ ዕዮ ክሃድም እቲ ኤሌክትሪካዊ ሓጹር ስለ ዝሓዞ ሞተ።

4. ኣብ 1865፡ ደራሲ ቻርለስ ዲከንስ ተሳፊሩዋ ዝነበረ ባቡር ካብ ሓደ ድንድል ጸዲፉ ናብ ሓንቲ ሩባ ጠሓለት። ዝበዝሑ ተሳፈርቲ ናይታ ባቡር ክሞቱ ከለው፡ እቲ ብህይወት ክሰርር ዝኸኣለ ዲከንስ ግና ድሕሪ ሓደጋ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ "ኣዋር ሙችዋል ፍሬንድ" ዝርእስታ ሓንቲ ህብብቲ መጽሓፍ እዩ ክጽሕፍ ክኢሉ።

5. ኣብ 200 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ሃጼ ጋኡ ናይ ሃን (ናይ ሎሚ ቻይና) ሓደ ዓቢ ግምቢ ክሰርሕ ጀመረ። ግምቢ. ወያንግ ክሳብ ሎሚ ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ህንጻ እዩ። እዚ ግምቢ 4.8 ኪሎ ሜተር እዩ ዝዝርጋሕ።

6. ናይ ዓለምና ዝጨከኑ መራሕቲ ምኳኖም ዝንገረሎም ኣዶልፍ ሂትለር፡ ቤኒቶ መሶሊኒ፡ ጆሴፍ ስታሊን ሓደ እዋን ንሽልማት ኖቤል ተረቒሖም ነይሮም እዮም።



## ንፍሽኽታ

ሓደ ካብ ዓዲ ዝመጸ ዘመድ ንሓደ ናስሩዲን ዝተባህለ ሰብኣይ፡ ናብ ገዛኡ ደርሆ ሒዙሉ መጸ። ናስሩዲን ብሓጎስ ተቐበሎ፡ ሓሪዱ ጋሻኡ ኣኣንገደ። ጋሻ ናብ ዓዱ ምስ ተመልሰ ድሕሪ ቁሩብ መዓልቲ፡ ካብቲ ዓዲ ዝመጸ ካልእ ጋሻ፡ ናብ ናስሩዲን ብምምጻእ፡ "ነቲ ደርሆ ዘምጽኣልካ ዘመዱ እየ" በሎ። ናስሩዲን'ውን ብዙሖ ተቐበሉ ኣድሪሩን ኣሕዲሩን ኣፋነዎ። ድሕሪ'ዚ'ውን በብመዓልቱ ብዙሓት ኣጋይሽ ምስቲ ደርሆ ዘምጽኣሉ ሰብ ዘለዎም ዝምድና እናጠቐሱ ናብ ገዛኡ ክመላለስዎ ቀነዩ። ሓደ መዓልቲ ሓደ ካልእ ጋሻ፡ "ኣነ ነቲ ደርሆ ዘምጽኣልካ፡ ናይ ዘመዱ - ዘመድ እየ" ኢሉ ተላለዮ። ናስረዲን ከም ኣመሉ ብጸቡቕ ተቐበሉ ግዝ ኣእተዎሞ፡ ንሰበይቱ ሕሹኽ ድሕሪ ምባል፡ ድራር ተቐረበ። ወዮ ጋሻ ክልተ ሰለስተ ግዜ ነቲ መረቕ እንተ ጠዓሞ፡ ማይ ውዑይ እምበር ናይ መረቕ ጣዕሚ ስለ ዘይኣኽሉ ናብ ናስሩዲን ግልጽ ኢሉ፡ "ዋርከይ ንምንታይ እንታይ ዓይነት መረቕ እዩ እዚ" ኢሉ ሓተቶ። ብዘይ ለ. ኣጋይሽ መሪርዎ ዝቐጸ ናስሩዲን፡ "እዚ ናይ'ታ ካብ ዓዲ ዝመጸት ደርሆ፡ ናይ መረቓ-መረቕ እዩ" ኢሉ መለሰሉ ይበሃል።

## ንልቦና

- ኣብ ዓለም ዝኸሰቱ ውድቀታት፡ ብኽልተ መንገድታት እዮም። ከይሓሰብካ ብምትግባርን ሓሲብ ብዘይ ግብርን።
- ክልተ ዓይነት ሰባት ኣለው። ስም ሰባት ዝዘክሩን ስሞም ብሰባት ዝዝከርን።
- እወን (ሕራይ) ኣይፋልን እተን ነዊሕ ምሕሳብ ዘድልየን ዝሓጸራ ቃላት እየን። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ሸግራት ከኣ ቀልጢፍካ እወ (ሕራይ) ብምባልን ደንጒኻ ኣይፋል ብምባልን ዝኸሰቱ እዮም።
- እዛ ዓለምና ብዙሕ ትሳቐ ዘላ ብሕማቓትን ጭቁናን ክፉኣት ሰባት ዘይኮነትስ፡ ብስቕታ ብሉጻትን ሰናያትን ሰባት እያ።
- ኩሉ ግዜ ሕጉሳት ኮይንና ክንነብር እንተደኣ ደሊና፡ ንሎሚ ከም ናይ መጀመርያ ግዜ ገርና ክንወስዶ ዘሎና። ክንዕወት እንተደኣ ደሊና ግና ንሎሚ ከም ናይ መጠረሽታ ግዜ ገርና ክንሓስቦ ዘሎና።
- እስካ ጸቡቕ ገርና ንሕሰብ፡ ርእይቶታት ሰባት ልክዕ ከም ሰዓት ናይ ኢድ እዮም። ናይ ኩሉ ሰብ ዝተፈላለየ ግዜ የመልክታ። ግን ኩሉ ሰብ እቲ ናቱ ቅኑዕ ገይሩ ይወስዶ።
- ንህይወት ብሕጉሰን ዘይሕጉሰን መንገዲ ምሕላፍ "ክፋል ህይወት" እዩ ዝበሃል። ንኹሉም ከም ኣመጻጽኡኦም ምብዳህ ግና፡ "ጥበበ ህይወት" ይበሃል።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV


| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | በዓል ቅዱስ የሃንስ ኣብ ኩዶ ሕምባሻ |
| 09:20 | ሳህራ ምስ ዞባ ዓንሰባ 2ክፋል |
| 10:10 | ጉጅለ ባህሊ ንስሪ 2ክፋል |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ መዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ወግዒ ብዘረ ትግርኛ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 12:00 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ምስ ስነ ጥበባውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ህዝባዊ በዓል ቁዱስ የውሃንስ ኣብ ገረንፊት 1ይ ክፋል |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ህዝባዊ በዓል ቁዱስ የውሃንስ ኣብ ገረንፊት 2ይ ክፋል |
| 18:35 | ያታዊ ባህልታት |
| 19:10 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ንኣፍልጦ

- ሰሓቕ፡ ቋንቋ ቅድሚ ምምዕባሉ እዩ ጀሚሩ። ጥንታውያን ሰባት ኣብቲ ብቋንቋ ክረዳድኡ ዘይክእሉሉ ዝነበሩ ግዜ ንሰሓቕ ከም ሓደ መረዳድኢ ቋንቋ ይጥቀሙሉ ከም ዝነበሩ እዮም መዛግብቲ ታሪኽ ዘጽንዑ።
- ኮኖዶንትስ ዝተባህሉ ቅድሚ 200 ሚልዮን ዓመታት ዝነበሩ ደቀቕቲ እንስሳታት ኮይኖም ክሳብ ሎሚ ካብ ናቶም ዝበልሐ ስኒ ከም ዘይተረኽበ እዩ ዝግለጽ። ብልሒ. ኣሰናኖም ካብ ጫፍ መርፍእ ዝደቀቐ እዩ ነይሩ።
- ዝሞቱ ዋህዮታት ኣካላትና በቶም ህሉዋት ዋህዮታት እዮም ዝበልዑ።
- ኩሉ ግዜ ኣየር ንውሽጢ ኣብ እንስሕበሉ ግዜ፡ 50 ጎዳእቲ ባክተርያ ንውሽጢ ንስሕብ። ስለዚ. ደማ እዩ ስርዓተ ምክልኻል ኣካላትና ቀጻሊ. ኣብ ብርቱዕ ስራሕ ተጸሚዱ ዝርከብ፡ ንሕና ግና ዝኾነ ዝርድኣና ወይ ዝስምዓና ነገር የለን።
- ኣብ 1972፡ ምስታ ናብ ጠፈር ዝተላእከት 'ኣፖሎ 11' ዝኸደ ተመራማሪ ቻርለስ ዱክ፡ ስእሊ. ናይ ስድራቤቱ ክልተ ደቁን ኣብ ወርሒ. ገዲፉ። እታ ስእሊ. ድማ ክሳብ ሎሚ ኣብኡ ከም ዘላ እዩ ዝእመን።
- ንዝበዝሑ ደቓይቕ ኣብ ውሽጢ. ማይ ኮይኑ ትንፋሱ ክሓብእ ዝኸኣለ ክሮሪን ቡዲሚር ዝተባህለ ሰብ እዩ። ንሱ ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ ኣብ ውሽጢ. ማይ ን24 ደቓይቕ እዩ ክጸንሕ ክኢሉ። ብጠቕላላ ሓደ ሰብ ኣብ ውሽጢ. ማይ ኮይኑ ትንፋሱ ክሓብኣሉ ዝኽእል ግዜ ካብ 30-90 ካልኢት ጥራይ እዩ።
- ኦቲዝም ኣብ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ እንስሳታት ከይተረፈ ከም ዝርአ እዩ ዝግለጽ። ኦቲዝም ዘለዎም እንስሳታት ንሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ናይ ምድግጋም ባህርያት ኣለዎም።
- ጥንታውያን ሮማውያን፡ ንፕላኔት ማርስ 'ኣምላኽ ኲናት' ኢሎም ይጽውዕዎ ነይሮም።
- ኣብ ሓደ ማእከላይ ሰብ ስርዓት-ዙረት ደም ዝርከቡ ሻንበቆታት ደም ኣርተሪ፡ ሽይናትን ካፒላሪታትን፡ ጫፍንጫፍ ምስ እኖሳግሮም 100,000 ኪሎ ሜተር ምሸፈኑ። እዚ ርሕቀት ምስ ፍርቂ ዙርያ መሬት ማዕረ እዩ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ. ሚ/ዜና

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 3 ክፍልታት፡ ክፍሊ. ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ. ቍጠባን ክፍሊ. ሓለዋ ጥዕናን ርኢና ነይርና። ኣብዚ. ናይ ሎሚ ሕታምና ድማ፡ ምስ ክፍሊ. ሃገራዊ መርሓ ክንላለ ኢና።


8ይ ክፋል

### 4. ክፍሊ. ሃገራዊ መርሓ

ዝኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲ. ዝገልጽ'ዩ።

ነዚ. ሸቶታት'ዚ. ንምዕዋት ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ሜላታት ሓንጺጹ ይሰርሓሉ ነበረ። ዝወሃብ ትምህርቲ ምስ ህይወትን ድልየትን ህዝቢ. ክተሓሓዝ፡ ዝምድና ቤት ትምህርቲ ምስ ህዝባውያን ትካላት ክድልድል፡ ትምህርቲ ካብ ሃይማኖት ክፍሉ፡ ዜጋታት ብዘይኣፈላላይ ትምህርቲ ናይ ምርካብ ዕድሎም ክረጋገጽ፡ ሓያሎ ጻዕርታት ኣካየደ። ዘይተማህረ ህዝቢ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክዋሳእ፡ ቍጠባዊ መነባብሮኡ ኣመሓዩሹ ዘካይዶ ዝነበረ ስርሓት፡ ምቛም ቤት ትምርህቲ ሰውራ እዩ። ነዛ ሎሚ ኣብ 2026 መበል 50 ዓመት ምምስራታ (ወርቃዊ ኢዮቤልዮኣ) ትጽንብል ዘላ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ 1976 እዩ መስሪቱዋ። ዕላማኡ ድማ፡ ብሰንኪ. መግዛእቲ ካብ ዓድታቶም ዝተዘናበሉ ኰኑ፡ ትሕተ-ዕድመ እንክለዉ. ናብ ሜዳ ዝተሰለፉ ቈልዑ፡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኽቡሉ ባይታ ንምፍጣር ነበረ።

ኣብ 1975-1976 ምስቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናይ ምቛም



ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ 1987 ኣብ ዓሬርብ ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ታሪኻዊ ኣስተምህሮ እናሃቡ

ህዝቢ. ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ናጻ ክወጽእ፡ ሓድነቱ ከደልድል፡ ባህሉን ክብርታቱን ክዕቅብን ከማዕብልን፡ ንምዕባለ ካብ ዝዕንቅጽ ድሑር ልምድታት ወጺኡ መነባብሮኡ ክመሓየሽ፡ ካብ ሕማምን ድንቁርናን ክገላገል፡ ወናኒን ምዕሩይ ተሻራኺን ጸጋታቱ ክኸውንን ኣብ ዓለማዊ ኩነታት ረብሓታቱ ፈልዩ ክፈልጥን፡ ንቕሓት ህዝብን ተጋደልትን ዘዕቢ. ፖለቲካዊ ስራሕ ምክያድ ኣገዳሲ. ነበረ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምስንዳእ፡ ዜናዊ ስርሓት ምክያድ፡ ስሩዕ ትምህርቲ ምሃብን ምምዕባልን፡ ካድራት ምምልማል፡ ባህሊ. ምምዕባል ወዘተ ከኣ፡ ገለ ካብ ዓበይቲ ተልእኾታት ክፍሊ. ሃገራዊ መርሓ ነበረ።

### ትምህርቲ

ትምህርታዊ ፖሊሲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ መሃይምነት ካብ ህዝቢ. ምጥፋእ፡ መንእሰያት ብሰውራዊ ኣረኣእያ ተኾስኲሶም፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ስነ-ፍልጠትን ስነ-ኪነትን ሰልጢኖም፡ ፍልጠቶምን ሞያኦምን ኣብ ጥቕሚ ህዝብን ሃገርን ከም ዘውዕልዎ ምግባር እዩ። "ትምህርቲ ንጥቕሚ ሓፋሽ!" ዝብል ጭርሖ ድማ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትምህርቲ ኑብሱ ከመሓድር ስለ ዘይክእል፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ናይ ምዕባለ ጋግ ንምጽባብ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት (ባርካ፡ ሳሕል፡ ሰሜን፡ ደቡብ፡ ምብራቕ፡ ምዕራብ፡ ጋሽ፡ ኣብ ሱዳን'ውን ኣብ መደበር ስደተኛታትን ኣብ ከተማታትን) ክሳብ 1984 ጥራይ ናብ ሚእቲ ዝግምገማ ከከም ኣድላይነቱ መባእታ፡ ማእከላይ፡ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ከፊቱ ይነጥፍ ነበረ።

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ደሓር ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ሓደ ካብ ግሉሕ መርኣያ ናይቲ ትምህርቲ ንምምዕባል መደብ ተኣሳሲሩ፡ ሓድሽ ሃገራዊ ስርዓተ ትምህርቲ ድሕሪ ምንዳፉ፡ ናይ መባእታን ዓበይቲን መምሃሪ መጽሓፍቲ ከም ዝዳሎ ተገብረ። ስዒቡ'ውን ካብቲ ኣብ ባይታ ዝተራእየ ጭቡጭ ተመኩሮታት ተበጊሱ ዝያዳ ከም ዝመሓየሽ ተገብረ። ነቲ ዘወጽአ ስርዓተ-ትምህርቲ ብብቕዓት ንምትግባር ከኣ፡ መምሃራን ብምፍራይን ብስነ-ምምህርና ዝሰልጠኑ ንምግባርን ብቐጻሊ. ጻዕርታት የካይድ ነበረ። በዚ. ድማ፡ ስርዓተ-ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ደረጃኡ እናማዕበለ ይኸይድ ነበረ።

ይቕጽል...



ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ትሕቲ ገረብን በዓትን እናተማሃሩ

## ካብ ሰነዳት ስእልታትና



ተጋዳሊት ጺጋ የውሃንስ (1987 ሸላሎ)

እዛ ንርእያ ዘለና ስእሊ. ኣብ 1987 ኣብ ምዕራብ ኤርትራ (ሸላሎ) ዝተሰኣለት ኰይና፡ ሰኣሊኣ ድማ ታእዛዝ ኣብርሃ (ዕንድኩር) እዩ። እታ ተማሃሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾነት ሽዑ ግን ኣብ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ተመዲባ ኣብ ሸላሎ ትምህር ዝነበረት ጺጋ የውሃንስ (ጺጋ ጋሱ)፡ ኣብ መንጎ እናማሃረት ነፈርት ኩናት ኢትዮጵያ ስለ ዝመጸት፡ እቶም ትምህሮም ዝነበረት ቈልዑ ኣመና ብፍርሒ. ተሸቑሪሮም ናብታ ነፈርት ክጥምቱ ከለዉ፡ እታ ተማሃሪት መምሃር ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾነት ጺጋ፡ ክንዲ መምህርን ኣደን ኰይና ነቶም ተማሃሮኣ ህጻናት ተተኣብዮም ነበረት።

ታእዛዝ ድማ ኣዘንጊዑ ካሜራኡ ኣዋዲዱ ናብታ ነፋሪትን ናብቶም ኣብ ትሕቲ ጕንዲ ዱማ ተሸኪዮም ዝነበሩ ጺጋን ተማሃሮኣን እናቐያየረ ሓያሎ ህራማት (Shoots) ወሲደሎም። እዛ ስእሊ. እዚኣ እምበኣር፡ ብሰንኪ. መግዛእቲ ቀሲንና ንከይንማሃርን ንከይንምህርን ብስርዓታት ኢትዮጵያ ዘጋጥመና ዝነበረ ተጻብኦን ዕንቅፋትን እትገልጽ ህያው ምስክር እያ።

ጺጋ እቲ ቀደም ተሸቝሪራ ትመሃሮን ትምህሮን ዝነበረት ዘመነ መግዛእቲ ኣብቂዑ፡ እንሆ ሎሚ ኣብ ሓራ ኤርትራ ቀሲናን ተዛኒያን ህጻናት እትምህረሉ ዕድል ረኺባ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ፓራዲዞ ብስም ሰውእቲ መጋድልታን ብጾይታን ዝሰመየታ "ሃና መዋእለ ህጻናት" ትብል ከፊታ፡ ንሓድሽ ወለዶ ኣብ ምኹስኳስ እጃማ ተበርክት ኣላ። እዚ'ውን ፍረን ውጽኢትን ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ዩ።

## ኣገደስቲ ምዕባለታት ኣብ ፖሊሲ. ትምህርቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ.

- ህዝባዊ ሓይልታታ ሓርነት ኤርትራ (ደሓር ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ) ኣብ 1970 ኣብ ስዶሕዒላ ኣብ ዝገበሮ መስራቲ ኣኼባኡ፡ ምጅማር ፖሊሲ. ትምህርቲ ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ዘትዩን ሓንጺጹን።
- ካብ 1970-1973 ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኩሎም መሃይምነት ኣጥፊኦም ምንባብን ምጽሓፍን ክኢሎም።
- 1975 ህዝባዊ ሓይልታት ስርዓተ-ትምህርቲ (ካሪክለም) እትዳሉ ኮሚተ መስሪቱ።
- መስከረም 1976 ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል በዓት ቢጫይ (ዜሮ) ኣብ ዝተባህለ ቦታ መስሪቱ።
- ጨንፈር ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1978 ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተረኽበ ተመክሮ ናይ ማእከላይ ደራጃ ካሪክለም ኣዳልዩ ኣብ ወርሒ. መስከረም ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ማእከላይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ኸፊቱ።
- ኣብ ሚያዝያ 1983 ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብዝተዋጽኡ መምሃራንን ተማሃሮን ኣብ መላእ ኤርትራ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ጀሚሩ።
- ኣብ 1985 ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ሓሊፋ፡ ንፈለማ እዋን ንሞያ መሰረት እትኾውን ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና ተመስሪታ።
- ምስቲ ብብዝሒ. ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናብ ሰውራ ዝጽንበሩ ዝነበሩ ትሕተ-ዕድመ መንእሰያት፡ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ ጽዕነት ወይ ጸቕጢ. ተማሃሮ ንምቅላል ተባሂሉ ኣብ ደጀን ኰነ ግንባራት ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ተመስረታ።

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

**Eritrea-China Exploration and Mining Share Company**

Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**4, Position:** Cashier

Place of Work: Asmara
Starting Date: September
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | • The Head Office Cashier is responsible for managing daily corporate cash transactions, petty cash operations at the head office in Asmara. Operating within the central finance team. |
| **Key Responsibilities** | • Manage daily petty cash funds for corporate operations, including local administrative expenditures, utility payments, and office procurement.<br>• Disburse per diems, travel advances, and emergency funds to mining operations staff, engineers, and field personnel departing from Asmara.<br>• Prepare, verify, and disburse approved payments to local vendors, contractors, and service providers.<br>• Safely execute bank cash withdrawals, deposits, and transfers between banks and company accounts.<br>• Verify payment vouchers, receipts, and supporting invoices for accuracy, proper authorization, and tax compliance prior to cash release.<br>• Balance and count safe cash floats at the start and close of each business day.<br>• Prepare daily, weekly, and monthly cash movement summary reports.<br>• Maintain physical security over cash floats, safe keys, checkbooks, and sensitive financial records.<br>• Cooperate fully with internal and external auditors by providing transaction logs and cash vouchers. |
| **Qualifications** | • Education: Diploma or Bachelor's Degree in Accounting, Finance, Business Administration, or a related discipline.<br>• Experience: Minimum of 2–3 years of hands-on experience as a corporate cashier, petty cash accountant, or finance assistant.<br>• Language Skills: Fluency in written and spoken English is required. |
| **Personal Attributes** | • Strong sense of responsibility, integrity and coordination.<br>• Excellent organizational and problem-solving abilities.<br>• Ability to work under pressure and mining environments.<br>• Good teamwork and communication skills. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.
- **Address: Please mail your applications to:**

  Mineral Resources Management

  P.O.Box- 272
- **Note to non-Eritrean applicants:**

  Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

# ፍቕራዊ ስምዒታትን ጽልዋታቱን

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ፍቕሪ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ኣብ ኣእምሮ ሰብ ዝኽሰቱ ስምዒታት እዩ። ፍቕሪ ኣብ ኣእምሮ ሰብ ዝፈጥሮ ሓሳባት ዝበዝሐ እዋን እወታዊ እዩ። እዚ ስምዒት ኣብ ዝኽሰተሉ እዋን፡ ኣብ ኣእምሮ ዝምንጨው ስምዒታት፡ ሓጎስ፡ ባህታ፡ ደስታ፡ ተስፋ፡ ህንጡይነት፡ ቅሳነት፡ ሩፍታ ዝኣመሰሉ ይርከብዎም። መጠኑ ናይ ፍቕሪ እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ብርክት ዝበለ መጽናዕታት ተኻይዱ እዩ። ገለ ካብ ዝጥቀሱ ምኽንያታት ድማ፡ ፋልማይ ጦብላሕታ፡ ምልምማድ፡ ሱሓቢ ባህርን ቁመናን፡ ጸላውነት፡ ብስለት ኣተሓሳስባ፡ ደረጃ ትምህርቲ ወዘተ ይጥቀሱ።

ብርክት ዝበሉ መጽናዕታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ፍቕሪ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ብማዕረ ዘጋጥም ስምዒታት ምዃኑ እዩ። ሰባት እዚ ስምዒት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋናት፡ ዘርእይዎ ባህርን ዘንጸባርቕዎ ኣገባብ መግለጺ ፍቕርን ፍሉይነት ክህልዎ ባህርያዊ ምዃኑ ይጥቀስ። ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ፍቕሪ ኣብ ዝወድቁሉ ህሞት፡ ዘርእይዎ ባህርያት ፍልልያት ከም ዘለዎ ይንገር።

ዶክተር ጋሪ ዲ. ቻፕማን ዝተባህለ ኣመራሒ ምሁር፡ ነዚ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ብርክት ዝበሉ ደቂ ተባዕትዮ ሓቀኛ ስምዒት ፍቕሪ ኣብ ዘርእዩሉ እዋናት፡ ናይታ ዘፍቀርዋ ጓለንስተይቲ፡ እወታዊ ነገራት ምሕሳብን ትደልዮ ነገራት ንምፍላጥን ጻዕርታት የካይዱ" ድሕሪ ምባል፡ ህያባት ብምልጋስ፡ ጸጋማታ ብምፍታሕ፡ ተደላይት ምዃና ብምርኣይ፡ ኮታስ ግብራዊ ኣገባብ ኣጋልጻ ፍቕሪ ምጥቃም ከም ዝመርጹ ይሃገር።

ዶክተር ጋሪ. ዲ. ቻፕማን ኣሰዒቡ፡ "ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ምብህሃል፡ ምዝርራብ፡ ኣደነህ ምልጋስ፡ ጸን ኢልካ ምስማዕ ዝኣመሰሉ ነገራት፡ ዚያዳ ስለ ዘደንህ፡ ኑቲ ዘፍቅራኦ ሰብ፡ ከም ዘፍቅራኦ ንምርኣይ፡ ኣደነህ ብምልጋስ፡ ቀው ኢልካ ብምጥማት፡ ፍሽኽታ ብምልጋስ፡ ምዕሩግ ኣለባብሳ ብምልባስ፡ ንዊሕ ሰዓታት ብምዕላል፡ ግዜ ብምሃብ፡ ኣጉዳሲ ኣካል ህይወተን ምዃኑ ከርእየኦ ይፍትና" ክብል ይጠቅስ።

ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ኣሚግዳላ (amygdala) ዝተባህለ ንስምዒታት፡ ዝኽርታት፡ ተመክሮታት ሰባት ዝምዝግብ ክፋል ኣእምሮ፡ ሰባት ስምዒት ፍቕሪ ከአንግደሉ ኣብ ዝጀምሩ እዋናት፡ ካብ ንባብ፡ ፊልምታት፡ ዕላላት፡ ፍቕራዊ ተመክሮታት ካልኦት ሰባት ዝተመርኮሰ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ተኸዚኖም ዝበሩ ተዘክሮታት ብምምጻእ፡ ሰባት እወታዊ ስምዒታት ክስምዖም ከም ዝገብር የመልክቱ።

ኣብ ኣእምሮ ሰባት፡ ብርክት ዝበሉ ንንጥፈታት ኣእምሮ ዘሳልጡ፡ ሆርሞናትን ከዕታትን ኣለው። ካብዚኦም ገለ ንምጥቃስ፡ ሰራቶኒን፡ ዶፓማይን፡ ካቴኮላሚን፡ ኣድረናሊን፡ ኮርቲሶል ይጥቀሱ። ካብዚኦም፡ ሰባት እወታዊ ስምዒታት ኣብ ዝስምዖምን ዘዕገቦም ነገር ክገብሩ ከለዉን ዝበዝሕ ባእታ ዶፓማይን ይበሃል።

ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ነዚ ኣመልኪቶም ክዛረቡ ከለዉ፡ "ሰባት ምስ ዝደልይዎን ዘፍቅርዎን ሰብ ኣብ ዝህልውሉ እዋን፡ ዝስምዖም ባህታን ሓጎስን፡ ካብቲ ብዝዕበኡ ዘለዎም እወታዊ ተመስጦታት ዝምንጩ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብዚ ህሞት፡ ዶፓማይን ዝተባህለ ንኣእምሮ ባህታን ሓጎስን ዝፈጥር ባእታ፡ ኣብ ኣእምሮ ብብዝሒ ስለዝዝዕ፡ ኑቲ ናይ ሓጎስ ስምዒታት ኣብ ምዕባይ ተራ ከም ዘለዎ የመልክቱ።

ፍቕሪ ማዕረ'ቲ ኣብ ህይወት ሰባት ዝፈጥሮ ዕግበት፡ ጸቕጢ ኣብ ምፍጣር'ውን ተራ ኣለዎ። እቲ ኣብ ፍቕሪ ዝወደቐ ሰብ፡ ማዕረ እቲ ዝስምዖ ባህታ ከም ፍርሒ፡ ምጥርጣር፡ ጸቕጢ፡ ቅንኢ ዝኣመሰሉ ስምዒታት ከአንግድ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ድማ እቲ ዘፍቀሮ ሰብ፡ ካብኡ ከይርሕቕ፡ ከይጠልም፡ ምስ ካልእ ዝምድናታት ከይጅምር፡ ወይ ኑቲ ክቕርብሉ ዝኽእል ፍቕራዊ ሕቶ፡ ኣሉታዊ መልሲ ከይህብ ካብ ምስጋእ ዝተላዕለ ክኸውን ይኽእል።

ብተወሳኺ፡ እዞም ምሁራት፡ ኣብ መንጎ መጻምዲ ክህሉ ንዝኽእል ዝምድናታት ስጡም ንምግባር፡ ድሌታት ሓድሕድ ምፍላጥን ምርድዳእን ኣገዳሲ ምዃኑ የመልክቱ። ብሰንኪ ማስተ፡ ደንጉኻ ምምጻእ፡ ጉድለት ምትእምማን ዝኣመሰሉ ጸገማት ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ንዝኽሰቱ ጸገማት ንምፍታሕ ድማ፡ ክፉት ምብህሃል ወሳኒ ምዃኑ ይገልጹ።

ዶክተር ሄንሪ ክላውድን፡ ዶክተር ጆን ቶውንሰንድን ካልእ ንፍቑራትን ሰብ ሓዳርን ዘገራጭፉ ነጥቢ፡ ብዙሕ ክትህቦ ትኽእል ደረጃ ፍቕሪ ዘይምፍላጥ ምዃኑ ይጠቕሱ። በዚ መሰረት፡ ሰባት ንኣፍቃሪኦም ይኹን መጻምድኦም ክልግስዎ ዝኽእሉ ፍቕሪ ደረት ኣልቦ ዘይምዃኑን ኩሉ ጠለባት ናይ ምሳካ ዘሎ ሰብ ምምላእ ከምዝይክኣልን ክፈልጡን የገድሱ።

ፍልልያቶም ከየጸበቡን ከይተረዳድኡን ብሓይነይታ ተደሪኾም ዝምስርትዎ ሓዳር፡ ሓጺር ዕምሪ ይውንን" ክብል ይጠቕስ።

ሓቀኛ ፍቕሪ ዘለዎ ስምዒታት ምስ ሓይነይታ ዘመሳስል ነገራት ይርከቦ። ንፍቕሪ ካብ ሓይነይታ ዝፈልዩ መሰረታውያን ረቛሒታት ድማ ይርከቡ። ካብዚኦም ገለ ንምጥቃስ፡ ተወፋይነት፡ ምትሕልላይ፡ ምኽባር፡ ዋጋ ምኽፋል፡ ውሽጣውን ግዳማውን መንነት ናይ ዘፍቅርካዮ ሰብ ምቕባል፡ ምትሕግጋዝ፡ ፍቕራዊ መጻምድኻ/ኺ በዓል ቤትካ/ኪ ክኸውን ምብሃግ፡ ስጡም ሓዳር ምምስራት ገለ ካብ ተጠቀስቲ ረቛሒታት እዮም።

ፍቕሪ ካብ ስምዒት ሓሊፉ፡ ብጭብጥ ተወፋይነትን ዋጋ ምኽፋልን ምስዘሎ ንተኣማንነቱ የረጋግጽ። እዚ ስምዒታት ቅሉዕ ንምርግጋጽ፡ ፍቑራት ቀዳሚ




እዞም ኩሎም ስግኣታት ተደማሚሮም፡ ኑቲ ኣብ ፍቕሪ ዘሎ ሰብ ኣብ ጸቕጢ ክወድቕ ክዕብርዎ ይኽእሉ። ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት ካብ ዝረኣዩ ዝዓበዩ ስግኣታት፡ ፍርሒ ፍሸለት ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት እዩ። እተፍቕሮ ሰብ ኩሉ ግዜ ኣብ ጎድንኻ ክህሉን ክሕግዘካን ትደልዮ ነገር እዩ። ባህሪ ሰባት፡ ምስ ግዜን ኩነታትን ናይ ምቅያር ተኽእሎ ዘለዎ ብምዃኑ ግን፡ እተፍቕሮ ሰብ ብብዙሕ ምኽንያታት ምሳኻ ዘይክቕጽል ይኽእል እዩ። ብዘይካዚ፡ ኣፍቃርካ/ኪ ዝተመርዓኻዮ/ኽዮ ሰብ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ንዓኻ/ኺ ናይ ምጉዳእ ተኽእሎ ኣለዎ።

ዶክተር ሄንሪ ክላውድን ዶክተር ጆን ቶውንሰንድን ዝተባህሉ ምሁራት፡ ነዚ ኣመልኪቶም ኣብ "ባውንድሪስ" (boundries) ዝተሰምየት መጽሓፎም ክዛረቡ ከለዉ፡ "ኣብ ዝምድናታት ኣንጻር ጾታ ዝዓበየ ነገር፡ ናይ ስምዒታትካ ሓላፍነት ባዕልኻ ምውሳድ እዩ" ክብሉ ይገልጹ። መጻምዲ ድልዱል ሓዳር ንምምስራት፡ ክልቲኦም ወገናት፡ ሓላፍነት ናይ ዝስምዖም ስምዒታት ክስከሙ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ የመልክቱ። ኣብ ናይ ሓዳርን ዝምድናታትን ምምኻር ንጥፈታቶም ዝተኻፈሉ ብርክት ዝበሉ ፍቑራትን ሰብ ሓዳርን፡ በቲ ዘፍቀርዎ ሰብ ስምዒታቶም ቀጻሊ ከምዝጉድኡ ድማ የመልክቱ።

ጭብጥ ስምዒት ፍቕሪ ከመይ ዝበለ ምዃኑን፡ ኣብ መንጎ ፍቕርን ሓይነይታን ዘሎ ፍሉይነትን ተዛማድነትን ንምፍላጥ፡ ብርክት ዝበለ መጽናዕታት ተገይሩ ይርከብ። ኣብዚ መዳይ መጽናዕቲ ዝገበሩ ክኢላታት ከም ዘመልከትዎ፡ ሓይነይታ ዋላ'ኳ ግዝያውን ሓጺርን ስምዒታት እንተኾነ፡ ዝፈጥሮ ደረጃ ባህታን ስምዒትን ግን ካብ ፍቕሪ ከም ዝሕይል የመልክቱ። ኣብ ሓይነይታ ዘሎ ሰብ፡ ንተገንዝቦኣዊ ክፋል ኣእምሮኡ ናይ ምጥቃም ዓቕሙ ብርኡይ ከም ዝነድል ድማ የመልክቱ። ኣብዚ መድረኽ፡ እቲ ሰብ፡ ዝወስዶ ውሳኔታት፡ ኣብ ግዝያዊ ባህታን ሓጎስን ጥራይ መሰረት ዝገበረ ስለ ዝኾነ፡ ዘላቒን ስዑም ውሳኔታት ናይ ምውሳድ ተኽእሎኡ ኣዝዩ ድኑት እዩ።

ሓይነይታ፡ ሓቀኛ ፍቕሪ ዘምሰል ኩነት-ኣእምሮ ስለ ዝፈጥር፡ ናብ ግጉይ ውሳኔታት ብምምራሕ፡ ብኹሉ መዳዩ ምሳኻ ምስ ዘይሰማማዕ ሰብ ኣብ መርዓን ሓዳርን ክትወድቕ ዝኽእል ሓይሊ ይውንን። ዶክተር ጋሪ ዲ. ቻፕማን ዝተባህለ ምሁር ነዚ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ሓይነይታ ኣብ ገለ እዋናት ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝዝርጋሕ ዕምሪ ክህልዎ ይኽእል" ክብል ድሕሪ ምግላጹ፡ "ሓዳር፡ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻመድቲ ዝግበር ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ቁጠባዊ፡ መንፈሳዊ፡ ማሕበራዊ ወሃደት ስለዝኾነ፡ ተጻመድቲ ናብ መርዓን ሓዳርን ምብጽሖም ብርክት ዝበለ ግዜ ክወስዱ፡ ፍልልያቶም ከጽብቡ፡ ክፉት ናይ ምብህሃል ግዜ ክህልዎም ብክኢላታት ይምከሩ። ብዙሓት ድሕሪ ሓዳር ዘጋጥሙ ግርጭታት፡ መጻምዲ ኣብ ግዜ ፍቕራዊ ዝምድናታት ክዛተይሎም ዝዓበዩ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ዛዕባታት ብዘየገድስ ከይዛተዩ ምስ ምእታዎም ተዛሚዶ ዝኽሰት እዩ። ስለዚ ዝስመዓካ ስምዒታት፡ ፍቕሪ ድዩ ሓይነይታ ከየረጋገጽካ/ኪ፡ ሓዳር ምምስራት ኣዕናውነቱ ልዑል እዩ።

ዶክተር ጋሪ. ዲ. ቻፕማን፡ "ኣርባዕተ ወቕትታት ሓዳር" ኣብ ዝተሰምየ መጽሓፉ፡ ልክዕ ከም ወቕትታት ሓጋይ፡ ክረምቲ፡ ቀውዒ፡ ጽድያ፡ ሓዳር'ውን በዞም ወቕትታት ዝምስል ደረጃታት ፍቕራዊ ዝምድና ከምዝሓልፍ የመልክት። እዞም ምስ ምውሳኽን ምጉዳልን ፍቕራዊ ስምዒታት ተዛሚዶም ዝመጹ ደረጃታት፡ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዝሎ ስምዒታት፡ ባህሪ፡ ኣረኣእያ፡ ኣተሓሳስባ ናይ ምጽላው ተኽእሎ ከም ዘለዎም የመልክት።

ዶክተር ጋሪ. ዲ. ቻፕማን፡ እቲ ብሓጋይ ዝመሰሎ ሓዳር፡ ዝምድና ሰብ ሓዳር ኣብ ኣዝዩ ድኹም ኩነታት ዝወድቀሉ እዩ። ኣብዚ መድረኽ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዝኽሰት ስምዒታትን ኣተሓሳስባን፡ ሕርቃን፡ መጉዳእቲ፡ ጸምዋ፡ ተፀሊዑ፡ ምንጸርጻር ዝኣመሰሉ ምልክታት ከም ዘለዎ ይገልጽ። ከም ወጽኢት ናይዚ ሰብ ሓዳር ኣብ መንጎኦም ዘሎ ተግባራት፡ ብትሕጻን ጸርፍታትን ዝተሰነየ ምዃኑ ይገልጽ። ኣብዚ መድረኽ ዘሎዉ ተጻመድቲ፡ ድኹም ናይ ምብህሃል እዋናት፡ ከም ዘሕልፉ'ውን ይጠቕሱ። ኣብዚ ደረጃ ዝወድቁ ሰብ ሓዳር፡ ፍቕራዊ ስምዒታት ስለ ዘይብሎም ዘይኮኑ ብዘተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ፍልልያት ክፈትሕዎ ብዘይምኽኣሎም ምዃኑ ከኣ ይሕብር።

ኣሰዒቡ ዶክተር ቻፕማን፡ ሓዳር ብቀውዒ ዝምሰሉ እዋናት ከም ዘሎ የረድእ። ኣብዚ መድረኽ፡ ሰብ ሓዳር ዘንጸባርቕዎ ስምዒታትን ባህርን ከም ሓጎስ፡ ተስፋ፡ ደስታ፡ እምነት፡ ልዑል ፍቕሪ ምዃኖም ይጠቅስ። ኣብዚ መድረኽ ዘሎ ምብህሃል፡ ምትእምማን ተጻመድቲ ድማ ልዑል ምዃኑ ይገልጽ። ብዘይካዚ ሓድሕዳዊ ምኽባርን ምትሕግጋዝን ሰብ ሓዳር ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ስለ ዝበጽሕ፡ እቲ ህሞት ተዘካሪ ይኸውን። በዚ መሰረት፡ ሓዳር ብዘተፈላለየ መድረኻት ኣብ ዝሓልፈሉ እዋን፡ ሰብ ሓዳር ዝህልዎም ስምዒታት ብዘየገድስ፡ ጽገጥሞም ብድሆታት ብዘሰኸ፡ መንገዲ ኣብ ምፍታሕን ዘለዎም ዕድላትን ብዝበለጸ መንገዲ ክጥቀምሉን ይምከሩ።

እቲ ብክረምቲ ተመሳሊ ዝርከብ ደረጃ ፍቕራዊ ዝምድና ሓዳር ድማ፡ ከም ስጡምነት፡ ተወፋይነት፡ ምቕባል ፍልልያት፡ ተመሳሳልነት ዝኣመሰሉ መለለይታት ከምዘለዎ ዶክተር ጋሪ ዲ.ቻፕማን ይሕብር። ብጽድያ ዝምሰል ፍቕራዊ ዝምድና ሓዳር ድማ፡ ከም ፍርሒ፡ ጓሂ፡ ቅሬታ፡ ጣዕሳ፡ ስምዒታት ኣይተፈቶርክሉን (ከም ኣደይ ኣይረኸበኩን)፡ ዘይርገጸኝነት፡ ሓላፍነት ዘይምውሳድ ዝኣመሰሉ ስምዒታትን ባህርን ከም ዘንጸባርቕዎ ይጠቅስ። ኩሉን ሰጠቕታን ፍቕራዊ ስምዒታት ኣብ ሓዳር ንበር ክስተት ብምዃኑ፡ ሰብ ሓዳር ብኣኡ ከይተጸልዉ፡ ንጽገጥምምዎም ብድሆታት ብወድዓውነትን ግቡእ ግምገማ ክፈትሕዎ ከምዝደሊ ድማ ዶክተር ጋሪ.ዲ.ቻፕማን ይመኽር።

ፍሉጥ ጀርመናዊ ፈላሳፋ ፍሪደሪክ ኒቸ (1844-1900)፡ ንኣገዳስነት ፍቕሪ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ብሓቀኛ ፍቕሪ ተደሪኽካ ኣብ እትገብሮ ነገር ጌጋ ኣይርከብን" ክብል ይገልጽ። ፍቕሪ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ባእታታት ህይወት እዩ። ብዘይ ህላወ ፍቕሪ ህይወት ደቂ ሰብ ትርጉም ኣልቦ ምዃኑ'ውን ይጥቀስ። ኣብ ዙርያ ፍቕርን ዝፈጥሮ ስምዒታትን ዝኽሰቶ ለውጥታትን ዘሎ ኣፍልጦ ሰባትን፡ ብፍላይ ድማ ፍቑራትን ሰብ ሓዳርን ቀጻሊ ክዕብን ክጉልብትን የድሊ። እዚ ምግባር፡ ምስ ኩሉን ለጠቕታን ፍቕራዊ ስምዒታት ተዛሚዱ ኣብ ህይወት መጻምድን ፍቑራትን ንዝመጽእ ምዕባለታት ብዝዓበ ብምርዳእ፡ ብሃናጺን ብሉጽን መንገድን ንምርድኡን ምፍትሑን የኽእል።

**መወከሲ፡** Dr. Gary D. Chapman
(The 4 Seasons of Marriage)
Dr.Henry cloud Dr.John Townsend (Boundries)
Daniel Goleman (Emotional Intelligence)

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ጋንታታት ደቂ - ተባዕትዮ መሳጢ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ዘርእያሉ ዘለዋ ውድድራት

### ዳናይት ፍጹም ኣብ ኩዕሶ እግሪ ትደምቕ



ስፖርታዊ ውድድራት ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ብዋርቢን ቀዓምን ናይ ክልቲኡ ጾታ ግጥም ኩዕሶ መርበብ፣ ከምኡ ድማ ብናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ቀጺሉ ነይሩ።

ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፣ እታ ንጉዳይም ተጻወትቲ ጠርኒፋ ውድድራ ተሰላሰል ዘላ ዋልታ፣ ብዘምባል 3-ብ1 ተረቲዓ። ኣብ መንጎ ዒታሮን ዓራግን ኣብ ዝነበረ ጸወታ ድማ፣ ብዓወት ዒታሮ 3-ብ0 ተዛዚሙ። ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም ከኣ፣ ንሓለቡትን ዋልታን ዝሰዓረት ዒታሮ ምስ ዓራግ ኣብ ዝተራኸበትሉ፣ 2-ብ1 ብምስዓር ሳልሳይ ተኸታታሊ ዓወት ሰኒዓ። ንሳበርን ሂምቦልን ኣብ ዘራኸበ ግጥም ድማ፣ ዓወት ተሓሪምዋ ዘሎ ሂምቦል ብሳበር 2-ብ0 ተሳዒራ። ዝርቢ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ'ውን ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ተኻይዱ ነይሩ። ዒታሮን ሂምቦልን ብዘይሸቶ 0-ብ0 ጸወታኦን ዛዚመን። ዝሓሸ ቀመና ወኒና ዘላ ዋልታ ምስ ዕውትቲ ዝሓለፈ ዓመታት ሓለቡት ኣብ ዝገጠመትሉ፣ ሓንቲ ካብ ኣድያም ኣቶብርሃ፣ ሓንቲ ካብ ዳናይት ፍጹም ሸቶታት ክትረኽብ እንከላ፣ ሓላዊት ልዳት ዋልታ ልዋም ጸዮ ናብ ገዛእ ልዳታ ብዘቐጸረታ ሸቶ፣ እቲ ግጥም 2-ብ1 ተዛዚሙ።

ብድምር ሰለስተ ሸቶታት ኣቑጺራ ዘላ ተጻዋቲት ዋልታ ዳናይት ፍጹም ከኣ፣ መራሒት እዚ ውድድር ኣላ። ስፖርታዊ ውድድራት ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚ/ምክልኻል ጽባሕ ሰንበይ ብዋጥማት ኩዕሶ መርበብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፣ ብጸወታ ኩዕሶ እግሪ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ከምኡ'ውን ብውድድራት ቸዝ ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

## ማእከል፣ ንኣሰልጠንቲ ቅድድም ብሽክለታ ስልጠና ተዋሂቡ

ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተወዲቡ፣ ብኣሰልጣኒ መሴ ኣሰሃል ዝተዋህበ ስልጠና ቅድድም ብሽክለታ ትማሊ ኣብ ኣዳራሽ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እምባበራ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና፣ ካብ ጋንታታት ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ዝተዋጽኡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ እትርከቦም 24 ኣሰልጠንቲ ናይ 'ማውንቴንን ዳኮርሶን' ተሳቲፍቲ ነይሮም።

እዚ ብክለሰ ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና፣ ኣገባብ ምስልጣኑ፣ ማስርሕ ምድላው ልምምድ ብጸዓትን ህርመት ልብን፣ ንውሓት ልምምድ ብመኸጸር ዕድመ ተቐዳደምቲ፣ ዓቐን ብሽክለታ፣ ሕጋጋት ልምምድ ከምኡ'ውን ስርዓተ ኣመጋግባን ኣሰራርሓ ጂምናዚየምን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሰልጠንቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ እቲ ስልጠና ንዘለዎም ድሕሪ ምምስጋን ኣብ ስራሖም ሓጋዚን ጠቓምን ዝኾነ ትምህርቲ ከም ዝቐሰሙ፣ ኣብ ባይታ ድማ ክሰርሕሉም ምዃኖም ገሊጾም። ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ስነስርዓት ም/ፕረሲደንት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፣ መ/ም ሳምሶም መሓሪ፣ እቲ ዝወሰድዎ ትምህርቲ መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ እዋን ብቦዝሒኡ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ምዃኑ ብምግላጽ፣ ሰልጠንቲ ኣብ ታሕቲ ወረዳም ተኻእቲ ተቐዳደምቲ ብዲሲፕሊን ክሃንጹ ተላቢዩ። ኣብ መወዳእታ ሰልጠንቲ ናይ መጽኣታ ወረቐት ምስክር ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ክብሪ ዕዱማት ከም ዝተቐበሉ ህዝባዊ ርክባት ገሊጹ።



## እዚ ሓይሊ ኣየር፣ ውድድራት ኣትለቲክስ ኣካይዱ



ወሻጣዊ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብ ምስልሳል ዘርከብ እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፣ ረቡዕን ሓሙስን ውድድራት ትረኻብን ተግባራት ሜዳን ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ኣካዪዱ።

በዚ መሰረት፣ ኣብ ናይ 500 ሜትሮ ዕወታት ደቂ ኣንስትዮ

ንያት ገ/ትንሳኤ ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ኣለም ገ/ብርሃን ካብ መሰረት፣ ፍርቱና ዘርኡ ካብ ሓለቡት ኣብ 500 ሜትሮ ዕውታት ደቂ-ኣንስትዮ ኩይነን። ናይ 5000 ሜትሮ ውድድር ዘካየዱ ደቂ-ተባዕትዮ፣ ማንታምስ መለስ ካብ ሕድሪ፣ ዓወት ሓድጉ ካብ ሓለቡት፣ ሮሞዳን መሓመድ ካብ መሰረት ቀዳሞት ሰለስተ ክኾኑ እንከለዉ፣ ኣብ ናይ 21 ኪሎ ሜትር ከኣ፣ ርእሶም ንገሰ ካብ መሰረት፣ ዓወት ሓድጉ ካብ ሓለቡት፣ ማንታምስ መለስ ካብ ሕድሪ፣ ሮመዳን መሓመድ ካብ መሰረት፣ ፍረሰላም የማነ ካብ ሓለቡት ተዓዊቶም። ኣብ ናይ ዳርባ ዓረር ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ቅሳነት ተኽለም ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ሰሚራ መሴ ካብ ሕድሪ፣ የሳም መሓሪ ካብ መሰረት ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፣ ኣብርሃም ተወልደ ካብ ሕድሪ፣ ሰመረ ሃይለሚካኤል ካብ መሰረት፣ ስምኦን ዘርኣ ካብ ጸሓይ በርቂ ረቲዖም። ፍርቱና ብርሃ ካብ ሕድሪ፣ ራሄል ዓንደብርሃን ካብ ሮቤት፣ ፊሽን ተስፋኣለም ካብ ዊና፣ ከምኡ'ውን ዓወት ሓድጉ ካብ ሓለቡት፣ ዕሶማን ሓሰን ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ርእሶም ንገሰ ካብ ዊና ኣብ ናይ ዳርባ ጭማራ ዕውታት ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ኩይኖም።

ኣብ ናይ ዳርባ 'ዲስከስ'፣ ቅሳነት ተኽለም ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ሰሚራ መሴ ካብ ሕድሪ፣ ኣለም ገብረብርሃን ካብ መሰረት ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዝተዓወታ'የን። ብወገን ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፣ ሰረቅ ሃብተየም ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ሄርሞን ከሰተ ካብ ፈንቅል፣ ኤሽን ገ/እግዚኣብሄር ካብ ጸሓይ በርቂ ቀዳሞት ሰለስተ ኩይኖም። ኣብ መሬት ዝላ ቅሳነት የዕበዮ ካብ ሮቤት፣ ንያት ገ/ትንሳኤ ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ኣምና ኢብራሂም ካብ ሓለቡት፣ ከምኡ'ውን ማእከለ ተ/ማርያም ካብ ሓለቡት፣ ሳሙኤል ክፍላይ ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ብንያም ንገሰ ካብ ጸሓይ በርቂ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ንመወዳድርቶም ዘረትዑ ኩይኖም። ኣብ ልዕለት ዝላ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ኣምና ኢብራሂም ካብ ሓለቡት፣ ብሌን በርኸት ካብ ሕድሪ፣ ጀዋሂር እድሪስ ካብ ሓለቡት ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፣ ብንያም ንገሰ ካብ ጸሓይ በርቂ፣ ተመስገን ዳዊት ካብ ፈንቅል፣ ፍጹም ምሕረተኣብ ካብ ጸሓይ በርቂ ዕውታት ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

## ሕብረ ከተማ ማንቸስተር ቀይሕ ድዩ ሰማያዊ ዝውስን ግጥም

### ካብ ደርቢ ማንቸስተር መን ርእሳ ኣቕኒዓ ትወጽእ፣

ዝሓለፈ ዓመት፣ እቲ ትሑት ግምት ዝተዋህቦ ማይክል ካሪክ ንእቲ 2-ብ0 ብምርታዕ'ዩ ውድድሩ መዊእዎ። ጋንታኡ፣ እታ ኣብ ትሕቲ ኣሞሪም ዳራ ዝረኣየት ዩናይትድ ከም ዘይኮነት ድማ ኣመስኪሩ። ሎሚ መዓልቲ ከኣ እቲ ዛንታ ከም ዝነበሮ ይቕጽል ዶ ዋላስ ሓድሽ ይጽሓፍ፣ ኣልድ ትራፎርድ እትምስክሮ ክኸውን'ዩ።

ማንቸስተር ዩናይትድ፣ ኣብ መኽፈቲ ናይ ሎሚ ዓመት ጸወታ ኣሰናባዲ ስዕረት ድሕሪ ምቕማሳ፣ ቀስ ብቐስ ክትመሓየሽ ትረኣ'ላ። የጉዳስ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ኤቨርቶን ዘጋጠማ ክስተት ዘይተትኣማምን ጋንታ ገይርዋ ደርኪቡ።

ብወገን ማንቸስተር ሲቲ ግን፣ እቲ ዛንታ ካልእ መልክዕ ሒዙ ኣና ንረኽቦ። ኤንዞ ማረስካ፣ ድሕሪ ጓርድዮላ ከምቲ ደገፍታ ዝደለይዎ ሓገስ ኣብ ምምጻእ'ዩ ዝርከብ። ኣሸጋሪ መኽፈቲ እኳ ዋላ ይሕልፍ፣ መንገዲ ዓወት ግን ኸ ኣይጠፍኣን ዘሎ። ደገፍቲ ሲቲ ከኣ፣ ጋንታኦም ኣብ ጸቡቕ ኣቃውማ ከም ዘላ ብምግላጽ፣ ኣብዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ግጥም ተዓዊቶም ከም ዝወጽኡ ይገልጹ። ዝሓለፉ ሸሞንተ ኣሰልጠንቲ ማንቸስተር ሲቲ፣ ኣብ ቀዳማይ ግጥሞም ናይ ማንቸስተር ደርቢ ክዕወቱ ዝኸኣሉ'የም። ማረስካ ከ፣

ማንዩናይትድ ኸ ድኻም ኣለዋ። ይኹን እምበር ኣብ ናይ ደርቢ ጸወታ ኣብ ዝለዓለ ብሉጽነት ክትድይብ ትኽእል ጋንታ'ያ። ናይ ሎሚ ጸወታ ኣብ ሜድኣ ብምዃኑ'ውን ተወሳኺ ብልጫ ዝህባ'ዩ። ዩናይትድ ክትምዝምዞ እትኽእል ድኻም ግን ሲቲ ኣብዚ ግዜ የብላን። ሲቲ ምልእቲ ጋንታ'ያ። እንተኾነ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ተጓዒዛ እተካይዶ ግጥም ሕማም ርእሲ'ዩ ዝኾና። እዚ ግጥም ዩናይትድ ካብ ፈርናንደስን ኩግዝን ሸቶታት ብምርካብ ምስታ ካብ ሃላንድ ክልተ ሸቶታት እትረክብ ሲቲ 2-ብ2 ክትወጽእ ተገሚቱ ኣሎ። ኣንቢብኩ ኸ፣

## ካብ ኣትክልተኛ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ



ኣብ 2002 ወዲ 25 ዓመት ተመሃራይ ምህንድስና ነይሩ። ኣብ ሊትዌንያ ኣብ ዝተየደ፣ ከም 'ሁ ወንትስ ቱ ቢ ኤ ሚሊኔየር' ዝዓይነቱ ናይ ሓፈሻዊ ፍልጠት ውድድር ኣብ ቴለቪዥን ቀሪቡ፣ ኣብቲ ውድድር ከኣ ሓደ ሽሕ ዶላር ሽልማት ዓቲሩ። በቲ ዝረኸቦ ገንዘብ ናይ ኩዕሶ እግሪ ሕልሙ ንኸሰምር፣ ናብ እንግሊዝ ገይሹ - ናይ ምስልጣን ወረቐት ከኣ ሓዙ። ኣብ ትርፊ ግዜኡ ኣብ'ቲ ግዜ ኣብ ሊግ ሓደን ክልተን ዝጻወታ ዝነበራ ፋልሃምን ብረንትፎርድን እናሰርሐ፣ ኣሰልጣኒ ናይ ኣማተራት ጋንታ ሎንደን ታይገርስ ኩይኑ ተቖጺሩ - ቫልዳስ ዳምብራዉስካ።

ንቫልዳስ ዳምብራዉስካ፣ ህይወት ዓዲ እንግሊዝ ቀሊል ኣይነበረን። ናብራኡ ክምርሕ ወጋሕታ ሰዓት ሰለስተ ክትስእ ነይርዎ። ሓንሳብ ኣብ ሰለስተ፣ ሓንሳብ ከኣ ኣብ ኣርባዕተ ስራሕ ክሰርሕ ይግደድ ነይሩ። ኣትክልተኛ ኩይኑ ሰሪሑ። ጋዜጣ እናዘረ ኣከፋፊሉ፣ ኣብ ቤት ቀርሲ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛ ኩይኑ ዓዩዩ። ጉድኒ ጉድኒ እዚ ህይወት ግን ሓደ ሓቂ ተሰዊጥዎ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ኩዕሶ እግሪ ሕልሙ ከሳኽዕ ከቢድ ምዃኑ - ምኽንያቱ ኑቲ ቦታ ዝምጥን ድሕረ ባይታ ስለ ዘይነበሮ። ብዓልቲ ቤቱን ክልተ ደቁን ሒዙ ድማ ናብ ሊትዌንያ ተመልሰ፣ ኣብ ናይ መንእሰያት ሃገራዊት ጋንታ ሊትዌንያ ስራሕ ረኸበ፣ ካብ ዩኒቨርስቲ ስፖርት ሊትዌንያ ናይ ማስተርስ ዲግሪ ሓዘ። ኣብ 2025 ድማ ኑታ ኣብ ኣዝርባጃን ኣብ 2017 ዝተመስረተት ክለብ ሳባሕ ክዕልም መዘዙት ተረኺቡ። ሳባሕ ኣብ ወሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ጸቡቕ ኪጋስ ብምምዝጋቡ ኣብ 2022-23 ተሳታፊት ኮንፈረንስ ሊግ ብምዃን ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ ክትረኣ ዝኸኣለት ጋንታ'ያ። እዛ ጋንታ ዝጥቀስ ዓወት'ኳ እንተ ዘየመዝገበት፣ ደጊም ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድር ተራእያ'ያ። ብድሕሪዚ ኣብ ትሕቲ ቫልዳስ ዳምብራዉስካ ምስ ኩነት ግን ንመጀመርታ ግዜ ኣብ 2025-26 ጸዋእ ኣዘርባጃን ኣልዓለት። በዚ ድማ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ተሳታፊት ክትከውን በቒዓ። እቲ ከቢድ ፈተና ተጻዊሩ ንሞያ ምስልጣን ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝደለየ ቫልዳስ ዳምብራዉስካ፣ ሓሙስ ምሸት ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ ገጢሙ። ስሙ ከኣ ምስ ኣሰልጠንቲ ኤውሮጳውያን ጋንታታት ኣጽሒፉ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኮቨንትሪይ - ብራይቶን 4፡00 ድ.ቐ

ማን.ዩናይትድ - ማን.ሲቲ 6፡30 ድ.ቐ

**ላ ሊጋ**

ለቫንተ - ባርሰሎና 5፡15 ድ.ቐ

**ሰኑይ (ፕ/ሊግ)**

ሊድስ - ኒውካስል 10፡00 ድ.ቐ

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ሚለንዩም
ፋርማሲ ሰላማዊ
ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ

**ዕለት**
13/9/26
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

**ጎደና**
ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8ማይ ጭሆት ትሕቲ ማስበድ
ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ምግቢ ኢያሱ
ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሲኒማ ማሴን
ቁ.ቴሌፎን 127565

**ቁ.ስልኪ**
17153448
07463110
123690

Sabur Printing Services